# ምርቓቕን ምድብታርን ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ሃገረ-ኤርትራ



ብመሰረት ዓንቀጽ 2(4) (5) ናይ ሕጋዊ ምልክታ 14/1993 ሓላፍነት ምንዳፍን ምድብታርን ሕግታት ዘሎዎ ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ መሰረታውያን ሕግታት ንኺነድፍ መንግስቲ ሓላፍነት ምስ ሃቦ፡ ምኹራት ኣህጉራውያን ሰብ ሞያ ሲቪላዊ ስርዓት ምስታ ብኤርትራውያን ክኢላታት ሕጊ ዝቜመት ኮሚቲ ምምሕያሽ ሕጊ ተወሃሂዶም ከም ዝሰርሑ ብምግባር ንመስርሕ ምንዳፍ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኣበጊሱዎ።

ኮሚቲ ምምሕያሽ ሕጊ ሓጺር፡ ብቐሊሉ ኽትርድኦ ዚከኣልን ምስ ክብርታትን ባህግታትን ህዝቢ ኤርትራ ዚኸይድን ንድፊ ሕጊ ንኽተዳሉ መምርሒ ተዋሂብዋ። ናይ መጀመርታ ንድፊ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ድሕሪ እቶም ዝቐጸሉ ኣኼባታት፡ ርክባት፡ መጽናዕትታትን ወኸሳ ንተመኵሮታት ካልኦት ሃገራትን ቀሪቡ። ምቕራብ ናይቲ ንድፊ ተኸቲሉ፡ ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ኣብቲ ንድፊ ርእይቶታትን ሓሳባትን ንምእካብ ንዚምልከቶም ኣካላት ዘሳተፈ ኣኼባታት ኣቃንዐ። ስዒቡ ኸኣ፡ ኣብቲ ንድፊ ንኽዛተዩን ንኽካትዑን ዳያኑ፡ ኣኽበርቲ ሕጊ፡ ጠበቓታት፡ መምህራን ሕጊ፡ መኰንናት ፖሊስን ካልኦት ሰብ ሞያ ሕግን ዝተሳተፍዎ ተኸታታሊ ኣኼባታት ተኻዪዱ።

ካብ ፈለማ መስርሕ ምንዳፍ ናይዚ ሕጊ ክሳዕ እዚ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ፡ እቲ ሲቪላዊ ጒዳያት ንምድናይ እንኽተሎ መስርሕ ፍትሓዊ፡ ስሩዕን ስሉጥን ከም ዚኸውን ንምርግጋጽ ዘይሕለልን ቀጻልን ጻዕሪ ኺካየድ ጸኒሑ። ረብሓ ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ረብሓ ሰብ ጒዳይ ድማ ብፍላይ፡ ጒዳያት ብዘይ ብዙሕ ኰለል ከም ዚውሰኑ ምግባር ይሓትት። እዚ ሕጊ፡ ምዕሩይ ኣተሓሕዛ፡ ኣቐዲሙ ኪግመት ዚከኣልን ርጉጽን ውጽኢት ዘውሕስ መስርሕ ፍትሒ ንምርግጋጽ ዚዓለመ እዩ።

ፈውዝያ ሃሺም
ሚኒስተር ፍትሒ
15 ግንቦት 2015